Public education
**Discover a world of opportunities**

መዋዕለ ህጻናት

# ምንባብ: ኣብ ገዛ ምምሃር

## ናይ ምንባብ ደረጃታት

ናይ ዘንብቡ ሥራሕ ግደ

ውላድኻ ዕቤት ክውስኹን ክመሓየሹ እንከሎ ብመጽሓፍቲ ድሌት ይሓድረሎም ከምኡ’ውን ብከባቢኦም ዝርእይዎ ቃላት ድሌት ክሓድረሎም ይጅምሩ።

መጽሓፍቲ ብትኽኽለኛ ገጺ ጌሮም፣ ብጥንቓቐ ገጺታት ብምግልባጥን ስዕሊታት ብምጥቃምን ንዝፈልጥዎ ታሪክ ብምዝኻር ኣምሲሎም እንዳጋና ንምንጋር ክጅምሩ ይኽእሉ እዮም። ከምኡ‘ውን ኣሞንጎ ቅድሚትን ድሕሪት መጽሓፍ ዘሎ ኣፈላላይ ይመሃሩ፤ እዚ’ውን ናይ ቃላትን ስዕሊታት ኣፈላላይ ይርድኡን ከምኡ’ውን ዝተሓትሙ ቃላት መልእኽቲ ከምዝሓዙ ይርድኡ።

ንውላድኻ ክትሕግዞ ዝኻኣል:

- በብማዓልቱ ምስኦም ኾይንካ ብምንባብ
- ተንብብ ብምምሳል ትገብሮ ዝኾነ ኣቐራርባ ምትብባዕን ደገፍ ብምግባር
- ነቲ ዚንታ/ጽውጽዋይ ንምንጋር ዝሕግዞም ስዕሊታት ምርኣይ
- ነቲ ዝፈትውዎ ዛንታ ደጋጊምኻ ምንባብ – ተመሳሳሊ ዝኾነ ዛንታ እምነትኻ የምዕብል
- ጌጋ ክፈጥሩ እንከሎ ነቐፌታ ዘይምሃብ – ምንባብ ክትማሃር ብዙሕ ግዘ ይወስድ እዩ!

ንምንባብ ውጥን ሓሳብ

ምስ ውላድኻ ኾይንካ ክተንብብ እንከሎ:

- ናብቲ ስዕሊታት ክርእዩ ምግባርን ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ዛንታ ከምዝኾነ ክነግሩኻ ግበር፡
- ኣብ መንጎ መንጎ ጠጠው ኣቢልኻ ሕተት: ብቐጻላይ እንታይ ይኸውን ኢልኻ ትሓስብ? ከምኡ’ውን  ነዙይ ክትሓስብ ዝገበረ እንታይ እዩ? – ዝሕብዎ መልሲ ዋላ’ኳ ፍጹም ትኽክል ኣይኹን እምበር ነቲ መልሲ ተቐበሎ፡

ተለቪዥን ምዕጻው። ዘይርብሽ ኵነታት እንተሃልዩ ንውላድኻ ኣትኵሮት ንምግባር ቀሊል እዩ።

- በቲ ዚንታ ኣቐራርባ ዋላ ጣልቓ እንደኣተው የግዳስ ንናይ ውላድኻ ሕቶታት መልሲ ሃብ
- ብዝተፈላለዩ እንስሳት ድምጺ ኣምሲልኻን ድምጽኻ ብዝተፈላለየ ባሕሪታት እንዳለወጥኻ ዘሕጉስ ፈጠራ ዚንታ ተዚረብን ኣንብብን።

ምስ ውላድኻ ምንባብ ክትውድእ እንከሎ:

- ብዛዕባ’ቲ ዛንታ ተዘራረብ
- እንዳጋና እቲ ዛንታ ክነግሩኻ ግበር
- ብዛዕባ እንታይ ከምተፈጥረ፣ መዓዝን ኣበይ ቦታ ከምዝኾነ ተዘራረብ’ ንኣብነት: ኣብ’ቲ ዛንታ ትፈትዎ ሰብ መን እዩ ኔሩ?

ካልእ ናይ ምንባብ ውጥን ሓሳብ:
• ኣብ መጽሓፍ ውሽጢ ዘለው ስዕሊታት ተዘራረብን እሞ ውላድኻ ናይ ባዕሉ ታሪኽ ክፈጥር ግበርን።
• ንዛንታ ዘረባ ትምህርቲ
ንምርካብን ብድምጺ ዝስማዕ መጽሓፍቲ ንክትውሃስ ናብ ከባቢኻ ቤት መጽሓፍ ኪድ/ዲ።
• ንውላድኻ ከም ስጦታ ጌርካ መጽሓፍቲ ሃብ/ቢ።
• ውላድኻ ዝዝኽሮ ኣብ ቃላት ዘሎ ብድምጺ ንክሰምዖ ኣተባብዕ፤ ንኣብነት፡ sh. ሽ ዝብል ድምጺ
• ውላድኻ ንዝፈልጥዎ ፊደላት ማለት ናቶም ስም ዘለዎ ፊዶል ክርእይዎ ግበር።

Department of
**Education**

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐት
ኣብ ዌብሳይት education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015